ኤርትራዊ ሓይሊ-ዕማም መኸተ ንስግረ-ዶባዊ ጭቆና

فرقة العمل المعنية بالتصدي للقمع الإريتري العابر للحدود

**Eritrean Transnational Repression Response Task Force**

ጋዜጣዊ መግለጺ:

## ቤትፍርዲ ነቲ ህግደፍ ኣብ ልዕሊ 13 ኤርትራውያን ተቓለስቲ ንፍትሒ ኣብ ሰያትል ዝመስረቶ ክሲ ይዓጹ

23 ነሓሰ 2026

ክቡር ተቓላሳይ ኣባል ደንበ ፍትሕን ሰፊሕ ህዝብናን፡

ህግደፍን መጋበርያታቱን: ኣብ ልዕሊ 13 ተቓለስቲ ንፍትሒ፡ ኣብ ስያትል: ክፍሊ-ሃገር ዋሽንግተን ዝመስረትዎ፡ ሓድሽ ኣንፈት ኣብ ሽርሒታት ስግረ-ዶባዊ ጸቕጢ ህግደፍ ዘመስከረ፡ ንካብ ክልተ ዓመታት ንላዕሊ ዓገግ ዝበለ ዘይሕጋዊ ክሲ፡ ብዓወት ናይቶም ተባዓትን ውፉያትን ተቓለስቲ ንፍትሒ ተዛዚሙ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ሓይሊ-ዕማም መኸተ ንስግረ-ዶባዊ-ጸቕጢ ሓጎሱ ኣንዳ ገለጸ፡ ብቖዳምነት ነቶም ብዙሕ ዝኸፈሉን ዝተሳቐዩን ኵሱሳት፡ ብምቕጻል ድማ ዝነኣድ ገንዘባውን ሞራላውን ሓገዝ ንዝወፈዩ መላእ ደምበ ተቓለስቲ ንፍትሒ፡ ከምኡውን ህዝብና ብሰፊሑ ዮሃና፡ እንኳዕ ነዚ ኣብቀዓና ክንብል ንፈቱ።

ብርግጽ፡ ህግደፍ ኣብቲ ባዕሉ ዝፈጠሮ ናይ ሰያትል ክሲ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ኣላሽ ምባሉ ዘሕጉስ እዩ። ሽርሒታት ስግረ-ዶባዊ ጭቓና ህግደፍ ግን፡ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ይኹን ብኻልእ፡ ቀጻሊ ምኺኑ ክንዝንግዕ ኣይኮንናን። መሰረት ዘይብሉ ክስታት ኣሊምካ፡ ንተቓለስቲ ደምበ ፍትሒ ኣብ ቤት ፍርዲ ኮለል ብምባልን፡ ዘይተኣደነ ገንዘባዊ ክሳራታትን ስነኣእሙራዊ ተጽዕኖታትን ብምውራድን ናይ ተቓለስቲ ንፍትሒ ናይ ተቓውሞ ወኒ ምድኻምን ናይ ብደሆ ድምጺ ምልካትን ሓደ ካብቲ ሽርሒታት ስግረ-ዶባዊ ጭቓና ደኣምበር፡ ንሱ ጥራሕ ግን ኣይኮነን። ነዚ ብምርዳእ'ውን፣ ኤርትራውያን ደምበ ተቓልስቲ ንፍትሒ፡ ብወግዒ፡ ህግደፋዊ ስግረ-ዶባዊ ጸቕጢ ብኹሉ መልክዓቱ ንምቅዋሙን ንምስዓሩን ዝዕላምኡ፡ ኣብ ሚያዝያ 2026 ኣብ ዝተዘርግሐ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ሓይሊ-ዕማም ከም ዘቖሙ ዝዝከር እዩ።

ኣምበኣርከስ፡ ነዚ ተረኺቡ ዘሎ ፈላሚ ዓወት ኣንዳ ኣስተማቐርና፡ ጎድኒ-ጎድኑ ግን መኸተና ኣንጻር ስግረ-ዶባዊ ጭቆና ህግደፍ ብዝያዳ ምሕያል ክሓተና'ዩ። ስግረ-ዶባዊ ጭቆና ህግደፍን መጋበርያታቱን ኣብ ደገ (ድያስፖራ) ብዝወሓደ ጸግዑ ሒዙ ከምዝኸይድ ምግባሩ፡ ክሳብ ዝተኻእለ ድማ፡ ምሉእ ብምሉእ ምብርካኹ ዝጽበየና ዘሎ ኣገዳሲ ዕማም እዩ። ነዚ እናነሃረ ኣብ ምኻድ ዝርከብ፡ ኣብ ኤርትራ ብዘሎ ስርዓተ-ምሕደራን ልኡኻቱን ኣንጻር ተነጣጠፍቲ ድያስፖራዊ ማሕበረሰብ ኤርትራ ዝፍጸም ስግረ-ዶባዊ ናይ ጸቕጢ ዓመጻት ኣልሚስና፡ ሰላማዊ ህዝብና ብዘይ ስክፍታን ፍርሕን፡ ሰጋእ ከይበለ ዝነብረሉ፡ ድምጹ ዘቃልሓሉ፡ ዝቃለሰሉ ሃዋህው ከነውሕስ ግዜ ዝጠልቦ ዕማምናን ኣካል ቃልስና ንፍትሒ ኣብ ሃገርናን እዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንዝተጠቕሰ ዕላማታት ንምዕዋት፡ ሰብኣውን ፋይናንስያውን ዓቕሚን ሓባራዊ ቃልስን ዝሓትት ምኺኑ ተገንዚብና፡ ስግረ-ዶባዊ ጸቕጢ ህግደፍ ንምብዳህ፡ ዝሰፍሐ ሓድነት ከነረጋግጽ፡ ተሳትፎና ከነበርትዕ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ቅልስ ብወግዒ ዝተመስረተ ሕጋዊ፡ ብግሉጽነት ዝሰርሕ ማዕከን ፋይናንስ ብዝተርነዐ ቀጻልነቱ ከነረጋግጽ ዘለዎ ተደላይነት ከነዘኻኽር ንደሊ።

ንዝርዝር ሓበሬታን፣ ንጹር ተልእኾታትን ድማ ተዳሊኹም ክትካታተሉና ንላበ።

ደጊምና ዮሃና ንብለኩም! ዝሓበረ ህዝቢ ይዕወት!

ንተወሰኺ ሓበሬታን ሕቶታትን በዚ ዝስዕብ ክትራኸቡና ትኽእሉ፡

ኣድራሻ ኢመይል፡ EriTNRresponse@gmail.com